# ዋዕላ ኣምስተርዳም

## ናብ ኪዳን ዶ ካብ ኪዳን ?

ብሓቂ ከምቲ ዝገለጽክምዎ ሃገርና ኣብ ሕማቕ ኩመታት ትርከብ ምህላዋን፡ ሓድነት ሓይልታት ተቃወምቲ ኤርትራ ድማ ብህጹጽ ተደላይነት ከም ዘለዎ ርዱእ ነገር'ዩ።

ነዚ ካብ ነዊሕ ዓመታት ኣብ መንጎ ተቃወምቲ ሃይልታት ኤርትራ ዝጸንሐ ፖለቲካዊ ይኹን ካልእ ፍልልያት፡ መዕለቢ ክግበረሉ ሓደን ኣማራጽን ዘይብሉ ጉዳይ ምዃኑ ርዱእ ነገር'ዩ።

ይኹን'ምበር ዋዕላ ኣምስተርዳም፡ ዘየስተውዓለሎም'ኳ ኣይብልን፡ ግን ካብ ዝተፈላልየ ምኽንያታት ነዚ ዋዕላ ቅድሚ ምጅማሩ ኣትሒዙ ዘስፈሮምን፡ ብድሕሪኡ'ውን ኣብ'ዚ ጥብቆ ካብ ዘሎ ክንብብ ዝኽእል ነፋጊ ትምክሕታዊ ኣዘራርባ ጽሑፋትን ኣተምቢሁ።

ሓደ ሓደ ትምክሕታዊ ኣዘራርባን፡ ናይ 4 ውድባት ንኽቀራረባ ምግባር ዝወሰድዎ ታሪኻዊ መስርሕን፡ ኣብ መወዳእታ ድማ ጌጋኦም ኣሚኖምን ተጣዒሶምን፡ ነቲ ተጀሚሩ ዘሎ ክስዕብዎ ዝብል ይርከቦ።

ዋዕላ ኣምስተርዳም፡ ነዚ ርክባት ከካይድ ብገንዘብ ይኹን፡ ብጉልበት መጠን ዘይብሉ ዋጋ ድኻምን ከፊሉ ምዃኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ይኹን'ምበር እቲ ዝተኸፍለ ይከፈል ንሕና ናይ ሓድነት ሻምፒዮን'ና እንዳበልካ ምዝራብ ናይ ወራዙት ኣይመስለንን።

ወሸለ በዚ ኣኼባ ረብሒናን ተዓዊትናን፡ ዘይዓወትን ሰላምን ልዝብን እንታይ ንደሊ፡ ኣገባብ ዘይብሉ ግን ዘብርሕን ዝመርሕን ኣይኮነን።

ዋዕላ ኣምስተርዳም ኣብ መጀምሪያ መገልጺኡ ዘውጽኦ፡ ብዛዕባ ዘዳልውዎ ዘለዉ ባእታታት ይኹን ማሕበር ክገልጽ ቅሩብ ብዘይምንባሩ፡ ንዓይ ካብ ዝገደፈለይ ስክፍታ ሓደ ነበረ። ልክዕ'ዩ ንጸጥታዊ ጉዳያት ብዝምልከት ንሕና ብጥንቁቕ ክንሕዞ ዘሎና ጉዳይ ክህሉ ግድነት'ዩ። ይኹን'ምበር ዓለም ብዓለሙ ብመበብ ሓበሬታ ብጥሩምባ ዋዕላ እንዳጸዋዕካ፡ ዘዳልዉዎ ብዘየገድስ ክበሃል ዘይነበሮን ዘይግበኦን'ዩ።

ሎሚ ኤርትራውያን ድሕሪ ዝኸፈልናዮ ከቢድ መስዋእቲ ዋላ ኣብ ስደት ንሃሉ ኩሪዕናን ተኣማሚናን፡ ዓዳምን ዕዱምን ተፋላሊጥና ኣብ'ቲ ነካይዶ ቃልሲ'ውን ብግሉጽን ንጹርን፡ ክኸውን ካብ ዝግብኦ ዝነበረ፡ ብሸለልትነት ምጹ ጥራሕ እንዳበልካ መንነት ማሕበር ወይ ውድብ ክሳብ ደረጃ ሃገራዊ ዋዕላ ኣምስተርዳም ዘዳሉ ስሙ ንህዝቢ ዘይገልጽ ባዕሉ ናይ ክብሩ ምንካይን ምውሳኽን ዝተጻወቶ ግደ'ዩ።

ኤ.ዲ.ኪ ዝወሰዶ መርገጽ ቅኑዕን ኣብ ቦትኡ'ዩ። በዚ ድማ ዋዕላ ኣምስተርዳም ክጉህን ክስንብድን የብሉን። ብመሰረት ጸብጻብ ዋዕላ ኣምስተርዳም ማንታ ኪዳን ንምምስራት'ምበር፡ ተወዳዳሪ ኪዳን ንምምስራት'ምበር ተሓባባሪ ኪዳን ክኸውን

ከም ዘይደሊ ምኺኑ ካብ ዘረጋግጾ፣ ብዘይወኸሳ፣ ብፍላጥ ይኹን ብዘይፍላጥ ኣንጻር መደባትን ኪዳን ጉዕዞ ምጅማሩ ሓደ'ዩ።

ዋዕላ ኣምስተርዳም ንተቃወምቲ ሓይልታት ደምበ ክፈጥረሎም፣ ነቲ ዘሎ ብዝጌ ዝፍታሕ ሕቶታት ከም ናይ ስነ-ሓሳባዊ ፍልልያት ከም ዘሎ ኣምሲልካ ንምውዕዋዕ ፈተነ'ዩ ተኻይዱ።

እዚ ኣብ ኣምስተርዳም ዝተኻይደ ዋዕላ ታሪኻውን ስልጡንን ተባሂሉ፣ እቲ ኣብ ካልእ ቦታት ዝተኻየደ ኸ ድሕሩ ማለት ድዩ ኽከውን።

ንሸኻትኩም ን4 ውድባት ኣራኺብኩም ኣዘራሪብኩም፣ ካልኦት ሂወቶም ክርፊሎም ኣብ ጉዳይ ስምረት ሃይልታት ኤርትራ ዝኸፈልዎ መስዋእቲ ኣበይ ከስንፍሮ'ና።

ኣዘራርባ ህ.ግ.ደ.ፍ ወሪስኩም ተጣዒሱ ዶ ጌጋኹም ኣሪምኩም ክትመጹ ትብልዎ ምሳኹም ዶ ኪዳን ውዕል ነይርዎ'ዩ። ብሓንደበት ኣብ ፖለቲካዊ መድረኽ ዋዕላ መጺኹም ንውድባት ብማዕረ ክንድ'ዚ ከተፋርርሑ ዘመልክዓልኩም ኣይመስልን።

ዝተኸፍለ ይኸፈል እዚ ሓድነት ክረጋገጽ'ዩ፣ ዝብል ተወሳኺ፣ ነቲ ህ.ግ.ደ.ፍ ኣብ መደብ ህንጻ ሃገር ወሲድዎ ዝዛረበሉ ዘሎ ቋንቋ ኣምሲልዎ።

ዝኸብርኩም ዋዕላ

እንተኸኣልናስ ተሓቢእና ከንፋቕርን'ምበር፣ ተሓቢእና ክንፈላልን፣ ክልተ ኣጀንዳ ዘሪዕና ክንከይድ ኣይግባእን። ብግሉጽ ከኣ ኣነ'ውን ምሳኹም ብምትሕብባር ክሰርሕን ክተሓባበርን፣ ነቶም ካብ ኪዳን ወጻኢ ዘልዉ ሓይልታት፣ ኣብ ኪዳን ዝጽንበርሉ መንገዲ ምንዳይን፣ እቲ ኣብ ኪዳን ዘሎ ሕግታት ኣባልነት ምጽናዕን ምምርማርን፣ ነቲ ነዚ ዘየማልኣ ከኣ ክተባብዓን ኣብ ዝሓጸረ ግዜን ከኣ ኣብ ኪዳን ተመሊሰን ክሰርሓን ንጽልላ ውድባት ኤርትራ ኪዳን ከዕብያን ከሕይላን ምዕ ዳም ይግባእ ነይሩ እብል።

ብዛዕባ ጌጋታትን ጉድለታትን ኪዳን ክዝረብን፣ ነቲ ጌጋትት ድማ ንምዕራይ፣ ጉድለታት ንምትካእ፣ ሕጽረታት ንምምላእ በዚ ኣገባብ መንገዲ ዋዕላ ኣመስተርዳም ወሲድዎ ዘሎ ኣይመስለንን።

ትማሊ ትማሊ እኳ ወዮ ደኣ ሎሚ ኣብ ኣመስተርዳም ኮይኑ'ምበር ዘይተኣወጀን ንህዝቢ ብዘይተገልጸ ውዕላት ከም ዝተገብረን ከም ዝፈረሰን ብቐረባ ትፈልጡ'ኹም።

ሎሚ ድማ ዓዳሚ ብዘይገለ ቅድመ ኩነትን፣ ኣዋጅን መገልጽን ኣብ ኣፈናዊ ኣኼባ ማዕረ 5 ውድባት ተሰማሚዔን ወጺኤን ክባሃል፣ ከይገረምንን ከየተሓሳሰበንን ኣይተረፈን።

እቲ ጉዳይ ብዝሒ ውድባትን ማሕበራትን ኣብ ሓደ ጉዳይ ምስምምዐን ዘይኮነስ፣ ኣብ ሓጺር ግዜ ብዘይ እውጅን ህዝባዊ መግለጽን ተሰማሚዖ ምውጽኡ ቅድም'ውን ዝፈላልዮ ዘይምንባሩ ዘመልከተ ብኺኑ'ዩ።

*መደምደምታ*

ኣብ መወዳእታ ብመሰረት ኣበጋግስኡ፡ ዋዕላ ኣምስተርዳም ናብ ኪዳን ንምጽንባር ዘይኮነስ፡ በቲ ብቕድሚኡ ብዝተፈላለዩ መራሕትን ሜድያን ክዝርጋሕ ዝጸንሐ ካብ ኪዳን ንምህዳምን መንታ ኪዳን ኮይንካ ንምኻድ ንምፍታን ዝገበሮ ሓደ ምስክር፡ ነቲ ኪዳን ዝተዋህበ ሰነድ፡ ከምኡ ከም ዘየነብረ ዝሕብር ምንባሩን፡ እቲ ቅድም ቀዳድም ምስ ኪዳን ክፍጽሞ ዝነበሮ ዝርርብ ዘየብሰሎ ብምንባሩ ጥራሕ'ዩ።

ዋዕላ ኣምስተርዳም'ኳ እንተዘየትባህለ እቲ ብስም ዋዕላ ዝወጸ መገለጺ፡ ታህዲድን፡ ትምክሕትን ዘለዎ ንባዕሎም ካብ'ቲ ዝገብርዎን ዝፈጸምዎን ጌጋታት ክእረምሉ ዘለዎም'ዮም እብል።

ተምክሮ ክኾነኩም፡ ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ ካብ ምሕዝነት ወጻኢ ኣብ ዝነበረትሉ ዲሞክራሲያዊ ግንባር ሃገራዊ ሃይልታት ንምጥርናፍ፡ ብመጀመሪያ ንኩሉ ውድባትን ህዝብን ማሕበራትን ኣዊጃ፡ መራሕታ ከም ስውእ ኣቦ/መ ስሮኡም ዑቕባሚካኤል፡ ህልው ኣቦ/ም ወልደየሱስ ዓምር፡ ሓላፊ ዜናን ባህልን መንግስተኣብ ኣስመሮም ዝዓመምዎ ኣብ ሱዳን፡ ኤውሮጳ፡ ሰሜን ኣሜሪካን ዓብይ ጎስጓስ ተኻይዱ ተዓዊቱ፡ ኣብ ህዝቢ ተቐባልነት ረኺቡ፡

እዚ ድማ ግሉጽነት ንስለ ዝነበሮን እውጅ ብምኽኑን ነበረ፡ ብተወሳኺ ንምሕዝነትን ኣባላቱ ማእከል ናይ'ቲ ሓድነት ኣካላት ገቢሩ ንስለ ዝቆጸረን፡ ነጥብታቱ ኣብ ጣውላ ኣቐሚጡ ክዝቲ ብምፍታኑን ነበረ። ይኹን'ምበር ኣብ መወዳእትኡ ጉዳይ ኪዳን ምስ መጸ እቲ መስርሕ ተወንዚፉ፡ ኣብ ኪዳን ክእቲ ተወሲኑ፣ እቲ ሓይሊ ድማ ንቅድሚት ይደፍእ እንሆ። ምስ ጉድለታቱ ውሑድ ዓቕምን፡ ነቲ ደምበ ተቓውሞ ንምሕያል ይጽዕር ኣሎ።

ሎሚ ድማ ኣብ ኤርትራ ሰላምን ርግኣትን ዕብየትን ዝደሊ፡ ኣብ ክሊ'ቲ ዓውዲ ሓድነት ተጸቒጥሉ ዘሎ ባይታ ንምጥርናፍ፡ ጉድለታት ብምእላይ፡ ብምንቓፍ፡ ሓገዝ ብምብርካት ክንቃለስ ይግባእ እብል።

ኪዳን ካብ ዝሓለፈ ሎሚ ኣብ ዝሕሸሉ እዋን፡ ጽባሕ ድማ ካብ ሎሚ ክሓይሽ ኩልና ረብሓ ሃገር ዘሎና ክንሳተፎን ከንዕብዮን ከንሰንዮን ክንሕግዞን፡ ከነተባብዖን ዘይግብኣና ኣይኮነን።

**ጥብቆ 1**

እዚ ናይ ምጥርናፍ ጽቡቕ ድሌት ንርእሱ ኣብ ፖለቲካ ሃገርና ዓብይን፣ ስልጡንን፣ ታሪኻውን እዩ ክብሃል ይከኣል። ተራ ናይ ሓዲሽ ተስፋ ኔት ምርኽ ኣብ ምክያድን ምምራሕን እቲ ኮንፍረንስ ኣፈና ርክባት 4 ፖሎቲካዊያን ዉድባትን ንሕናን ከም ዝነበርና ዘይካሓድ እዩ። ንድሕሪ ሕጂውን ግዴታና ክንፍጽም ኢና። እዚ ድማ ናይ ብዙሕ ዓመታት ጸረ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳያስ ዝገበርናዮ ቃልስን ምንቅስቓስን ከይረሳዕና ንሰርሓ ዘለና ተወሳኽን ተደራራብን ስራሕት እዩ።

**ጥብቆ 2**

ነፊ ቅዱስ ናይ ሕዝብና ድልየትን፣ ባህግን፣ ዓላማን ስለ ዘይ ፈጸመን ካብቲ ዋዕላ ኣምስተርዳም ኣዲሙ ብምውዓሉ ክኣ <u>ብልቢ ንሓዝን</u>፡፡ እቲ ብኪዳን ዋዕላ ኣምስተርዳም ንዘይምምጻእ ብጽሑፍ ኮነ ብሓደ ሓደ ደገፍቶም ዝተዋህበና ዝተፋላለዩ ምኽንያታት ከምዘይተቐበልናዮ ነረጋግጽ፡፡ ዋዕላ ኣምስተርዳም ዕዉት ንከይከውን ዘሕለፍናዮ መሪር ቃልሲ ንሕና ጥራይ ኢና ንፈልጦ፡፡ ብዘይ ናቶም ሓገዝን ጽልዋን ዕዉት ዋዕላ ብምኻያድና ድማ ሕዝባዊ ዓወት እዩ ክብሃል ይከኣል፡፡

**ጥብቆ 3**

**<u>ደኹን እምበር ሕጂውን ኪዳን ኮነ ሓደ ሓደ ኣብ ኪዳን ተወዲቦም ዘለዉ ኣባላት ብዝሓለፈ ጌጋኦም ተጣዒሶም ብሓዲሽ መንፈስ ነቲ ብሓዲሽ ተስፋ ነትምርክ ተበጊሱ ዘሎ ሕዝባዊ</u>**

**18 ሰነ 2006**
**ኣንቶንዮ ተስፋይ**